**ግብጺ/ሱዳን፡ እቶም ዘሳቕዩ ነጋዶ ሰብ**

**ግብጺ ንጸጥታዊ ስርሒታት ሲና ንነጋዶ ሰብ ኣብ ምግታእ ክትጥቀመሉ ይግባእ**

(በርሊን፣11 ለካቲት 2014) – ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ሎሚ ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ፣ ብመሰረት ዝተኻየዱ ብዙሓት ቃለመጠይቓት፤ ነጋዶ ሰብ ኣብ ምብራቕ ሱዳንን ኣብታ ግብጻዊት ዝኾነት ደሴት ሲናን ንስደተኛታት ጨውዮምን ጨፍጪፎምን ቀቲሎምን እዮም፤ መብዛሕትኦም እዞም ስደተኛታት ድማ ኤርትራውያን እዮም ይብል። ሱዳንን ግብጽን ድማ ነቶም ነጋዶ ሰብን ተሓባበርቶም ዝኾኑ ሰበስልጣንን ኣለልየን ኣብ ሕጊ ኣቕሪበን ክቀጽዓ ኣይከኣላን። ክልቲኤን ሃገራት ካብ ስቓይ ንምክልኻል ዘለወን ሓላፍነት ዘንጊዐን ኣለዋ።

እቲ ብ"'ኣብ መሬት ተዘርጊሔ ክመውት ደለኹ'፤ ኣብ ል□ሊ ኤርትራውያን ዝፍጸም ንግዲ ሰብን ስቓይን ኣብ ሱዳንን ግብጽን" ዝብል ኣርእስቲ ዝተዳለወ ጸብጻብ፡ ብኸመይ ኣገባብ ኣብ ደሰት ሲና ብግብጻውያን ነጋዶ ሰብ ገንዘብ ንምምንዛ□ ብማለት ንኤርትራውያን ከም ዝጨፍጨፉ ይስንድ። እዚ ግፍዒ'ዚ ድማ ምግሳስ፣ ምንዳድን ብሕራድ ኣካላትን የጠቓልል። ብተወሳኺ፡ ነቲ ናይ ምብራቕ ሱዳን ብነጋዶ ሰብ ዝተፈጸመ ስቓይን ን29 ግዳያት ንትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ብዝሓበርዎ መሰረት ናይ ምትሕብባር ኣባላት ጸጥታ ሱዳንን ግብጽን ንነጋዶ ሰብ ኣብ ክንዲ ዝኣስሩዎም ነዚ ገበን ንኽፍጽሙ ከም ዝተሓባበርዎምን ይስንድ። ግብጻውያን ሰበስልጣን ኣብ ሲና ብነጋዶ ሰብ ዝፍጸም በደል የልቦን እዮም ዝብሉ። እዚ ድማ እቲ ቦታ ንነጋዶ ሰብ ውሑስ ቦታ ንክኾነሎም ባይታ የጣጥሕ።

"ግብጻውያን ሰበስልጣን ንዓመታት ዝኣክል ኣብ ደንበኦም ኣብ ሲና ንዝፍጸም ኣሰቃቒ በደላት ኣሉ ክብሉ ጸኒሖም ኣለዉ። ግብጽን ሱዳንን ነዚ ኣብ ውሽጢ መሬተን ዝፍጸም ኣብ ል□ሊ ኤርትራውያን ዝወርድ ዘሎ ስቓይን ከትሪን መደምደምታ ክገብራሉን፣ ነቶም ነጋዶ ሰብን ተሓባበርቶም ዝኾኑ ሰበስልጣንን ብሕጊ ክቐጽዓ የድሊ።" ይብል ጌሪ ሲምፕሶን፣ ላ□ላዋይ ተመራማሪ ኣብ ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላትን ጸሓፊ ናይዚ ጸብጻብን።

ካብ ሰነ 2013 ጀሚሩ፡ ግብጻውያን ሰበስልጣን ኣብ ሲና ጸጥታዊ ስርሒታት ከካይዱ ጸኒሖም ኣለዉ። እዚ ድማ ግብረ መልሲ ነቲ በቶም ኣብ ሲና ዝርከቡ ጒጅለታት ዳርጋ ሰሙናዊ ዝፍጸም ቅትለት ኣባላት ፖሊስን ሰራዊትን ግብጺ እዩ። ናይ ጸጥታ ሰበስልጣን እቲ ስርሒታቶም ነቶም ነጋዶ ሰብ ኣብ ምልላይን ኣብ ምቕጻ□ን እውን ዝዓለመ ክኸውን ይግባእ፡ ይብል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት።

እቲ ጸብጻብ ኣብ 37 ትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ኤርትራውያን ዘካየዶ ቃለ-መሕትታትን 22 ምስ ዘይመንግስታውያን ትካላት ኣብ ግብጺ ዝተገብረ ቃለ-መሕትታትን ዝተመርኰሰ እዩ። እቶም ቃለመጠይቕ ዝተገብረሎም ሰባት ከምዝብልዎ፡ ንሰሙናት ወይ ኣዋርሕ ዝኣክል ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ከባቢ ከሰላ ወይ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሲና ኣብ ጥቓ ዶብ ግብጽን እስራኤልን ኣብ ጥቓ ከተማ ዓሪሽ ክሳቐዩ ከምዝጸንሑ እዩ። ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ክልተ ነጋዶ ሰብ እውን ቃለ-መሕትት ኣካይዳ እያ። ሓደ ካብኣቶም ንዓሰርተታት ሰባት ከምዘሳቐየ ተኣሚኑ። እዚ ጸብጻብ ካብ ኣብ ግብጺ ወጻኢ ምስ ዝርከባ ዘይመንግስታውያን ትካላት ኣብ ዝተገብረ ቃለ-መሕትት እውን ይምርኰስ እዩ። እዘን ትካላት እዚኤን ምስ ኣማኢት ዝኾኑ ግዳያት እዚ ስቓይ ቃለ-መሕትት ዘካየዳ እየን። ብተወሳኺ፡ እዚ ጸብጻብ እዚ ነቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላ□ላዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት (UNHCR) ነቶም ኣማኢት ዝኾኑ ግዳያት ብምውካስ ዝሃቦ መግለጺታት እውን ዘጠቓለለ እዩ።

እቶም ግዳያት ግብጻውያን ነጋዶ ሰብ ክሳብ 40000 ናይ ኣመሪካ ዶላር ዝበጽሕ ገንዘብ ካብ ቤተሰቦም ንኽምንዝዑ ክብሉ ከምዘሰቓዩዎም ይገልጹ። ኩሎም እቶም ብትካል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ቃለ-መሕትት ዝተገብረሎም መሰኻኽር ከምዝሓበርዎ፤ ንዕኦም ዝወረዶም ወይ እውን ዝረኣይዎ ብነጋዶ ሰብ ዝወረደ ስቓይ ከም ምግሳስ ናይ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፣ ናይ ኤለትሪክ ሾክ፣ ኣካላት ሕፍረቶም (ፍረ ነብሶም) ከይተረፈ ዘጠቓልል ብርሱን ሓጺን፣ ውዑይ ማይ፣ ዝነድድ ፕላስቲክን ሽጋራን ብምግባር ምንዳድ ኣካላት፣ ብሓጺንን ብበትሪን ብምግባር ዝፍጸም መግረፍቲ፣ ካብ ሰረወ ቤት ምንጥልጣል፣ ናይ ሞት ምፍርራህን ንነዊሕ ግዜ ድቃስ ምኽላእን የጠቓልል። 17 ካብቶም ግዳያት ካልኦት ሰባት ኣብ ግዜ መግረፍቲ ምሟቶም ከምዝተዓዘቡ ይምስክሩ።

እቶም ነዞም ግዳያት ኣብ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ከእውዩ ዝሰምዑ ቤተዘመድ ነቲ እዞም ነጋዶ ሰብ ዝጠለብዎ ገንዘብ ክልእኩ ይግደዱ።

ካብ 2004 ጀሚሩ፣ ልዕሊ 200000 ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ዓዶም ዘሎ ጭቆናን ሓሳረ መከራን ሓዲጎም ናብ ምብራቕ ሱዳንን ኢትዮጵያን ተሰዲዶም። እዚ ድማ ነቲ ናይ ኤርትራ ሓለውቲ ዶባት ብዘይፍቓድ ዶባት ጥሒሶም ንዝኸዱ ተኩስካ ቅተል ዝብል መምርሒኦም ብምንጻግ እዮም ዝፍጽምዎ። ኣብቲ ውሽጥን ከባብን መዓስከራት ስደተኛታት ናይ ስራሕ ተስፋታት የብሎምን። ስለዚ ክሳብ 2010 ጀሚሩ ዓሰርተታት ኣሽሓት ካብኣቶም ንነጋዶ ብምኽፋል ናብ ሲናን እስራኤልን ንኽወስድዎም ይወዓዓሉ ነይሮም።

ብ2011፣ እስራኤል ነቶም ስደተኛታት ናብ ሃገራ ንኸይኣትዉ፡ ነቲ 240 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ ምስ ሲና ኣብ ዘዳውባ ቦታታት ሓጹር ዶባታ ሰሪሓ ፈጺማ። ካብኡ ጀሚሮም እቶም ነጋዶ ሰብ ካብ ምብራቕ ሱዳን ሰብ ምጭዋይን ንናይ ሲና ግብጻውያን ነጋዶ ምሻጥን ቀጺሎም። ኩሎም እቶም ካብ 2012 ንደሓር ዝኣተዉ እሞ ምስ ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ቃለ-መሕትት ዝገበሩ ካብ ሱዳን ናብ ግብጺ ብዘይፍቓዶም ተጨውዮም ከምዝመጹ ይሕብሩ።

ኣብ ሕዳር 2013ን ጥሪ 2014 ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ምብራቕ ሱዳን ናብ ሲና ዝተጨውዩ ከምዘለዉ ዝሕብር ሓድሽ ጸብጻብ ተረኪቡ ኣሎ።

ኤርትራውያን ንተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ከምዝሓበርዎ፡ ሱዳናውያን ፖሊስ ኣብ ምብራቕ ከሰላ ኣብ ዝርከብ መደበራት፣ ኣብ ጥቓ እታ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነውሐ ዕድመ ዘለዋ መዓስከር ስደተኛታት ዝርከቡ ኰይኖም፡ ስደተኛታት ሒዞም ኣሲሮም ንነጋዶ ሰብ ከምዘረከቡ የረድኡ።

ገለ ካብቶም ግዳያት ከምዝበልዎ፡ እቶም ግብጻውያን ኣባላት ጸጥታ ምስቶም ነጋዶ ሰብ ኣብ ዶባት ሱዳንን ኣብታ ብጽኑዕ እትሕሎ ግብጻዊት ካናለ ስወጽን ኣብ ብሎኮታትን ከመይ ገይሮም ከምዝተሓባበሩ ክዕዘቡ ክኢሎም እዮም። እቲ ምትሕብባር ናይዞም ሰበስልጣን ጸጥታን እቶም ነጋዶን ኣብ ብሎኮታት ዝተሓጽረ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ገዛውቲ እቶም ነጋዶን ኣብ ብሎኮታት ከተማታት ሲናን ኣብ ጥቓ ዶባት እስራኤልን እውን ኣሎ እዩ።

ወላኳ ብዛዕባ ኣብ ሲና ዝፍጸም ንግዲ ሰብን ግህሰትን ግፍዕን ብሰፊሑ ፍሉጥ እንተኾነ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን ግብጺ ብቐጻሊ ነዚ ንግዲ እዚ ከምዘየለ ኣምሲሎም ኣሉ ክብልዎ ጸኒሖም እዮም። ወላ እቶም ውሑዳት ከምኡ ዓይነት ተርእዮ ክህሉ ይኽእል እዩ ኢሎም ዝኣምኑ እውን እንተኾኑ፡ ምርመራ ንምክያድ ዘኽእል እኹል ዝኾነ ጭብጢ የልቦን በሃልቲ እዮም።

ብመሰረት ሓደ ብነጋዶ ሰብ ንዝተበደሉ ግዳያት ዝውክል ጠበቓ፡ ኣብ ታሕሳስ 2013 ሓደ ፈራዲ ሲቪላዊ ገበናት፡ ንሓደ ኣብ ካይሮ ዝነብር ምስ ኣብ ሲና ዝርከብ ነጋዲ ሰብ ተሓባባሪ እዩ ዝተባህለ ሰብ ቀጺዑ። ብመሰረት ኣብ ሱዳን ንንግዲ ሰብ ዝከታተላ ዓለምለኻውያን ትካላት፡ ሱዳናውያን ሰበስልጣን ን14 ምስ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ምስ ንግዲ ኤርትራውያን ዝኾኑ ሰባት ዝተተሓሓዙ ጉዳያት ቀጺያም። ኣብ መወዳእታ 2013 ሱዳን ን4 ናይ ፖሊስ ሰበስልጣን ምን ንግዲ ሰብ ብዝተኣሳሰር ጉዳይ ክትቀጽዕከላ፡ ግብጺግና ንወላሓደ ምስ ንግዲ ሰብን ምስኡ ዝኸይድ ስቓይን ኣመልኪታ ኣይቀጽዐትን።

ክልቲኤን ሃገራት ምስ ናይ ጸጥታ ኣባላት ብምትሕብባር ብኸቢድ ንዘጋፍው ነጋዶ ሰብ ብዘዕግብ መንገዲ ብዘይምምርማረንን ምቕጻዐንን፡ ነቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዋዕላ ኣንጻር ስቓይ ዝብል ሕግን ካልእ ዓለምለኻዊ ሕጊታት መሰል ደቂ ሰባትን ይጥሕሳ ኣለዋ ማለት እዩ። ብፍላይ ግብጺ እቲ ሃገራውን ዓለምለኻውን ዝኾነ ሕጊ ኣንጻር ንግዲ ሰብ እውን ትጥሕስ ኣላ ይብል ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት።

ግብጺ እቲ ኣብ ሲና ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ከተማ ዓርሽ እተካይዶ ቀጻሊ ናይ ጸጥታ ስራሓት ኣብ ምእሳር ነጋዶ ሰብ እውን ከተውዕሎ ይግባእ። እታ ሃገር ነቶም ኣብ ካናለ ስወዝን ሲናን ምስ ነጋዶ ዝተሓባበሩ ናይ ፖሊስ ኣባላት እውን ክትምርምሮም ይግባእ። ሱዳን እውን፡ ነቶም ኣብ ከሰላን ከባቢኣን፣ ወላ ኣብ መደበራት ፖሊስ ከይተረፈ ምስ ነጋዶ ሰብ ዝተሓባበሩ ላዕለዎት ሓለፍቲ ክትምርምሮም ኣለዋ።

"ግብጽን ሱዳንን ንብልሹዋት ናይ ጸጥታ ሓለፍቲ ነጸ ኰይኖም ምስ ነጋዶ ሰብ ተሓባቢሮም ንኽሰርሑ ባይታ ከፈተናሎም ኣለዋ ይበሃል እዩ። ግብጽን ሱዳንን ርእሰን ኣብ ሑጻ ቀቢረን ትርጉም ዘለዎ ስጉምቲ ኣንጻር እዚ ደረት ኣልቦ ዝኾነ ግፍዒ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ካብ ዝቖጠባ ነዊሕ ግዜ ሓሊፉ እዩ" ይብል ሲምፕሶን።

ግዳያት ከምዝሕብርዎ፡ ወላ እቶም ስድራቤቶም ከፊሎምሎም ካብ ነጋዶ ሰብ ነጻ ተለቒቖም ናብ ዶባት ግብጺ ዘበሉ ኤርትራውያን ግዳያት እውን፡ ብፖሊስ ግብጺ ተሃዲኖም ተታሒዞም ናብ ወተሃደራዊ ፍርዲ ቀሪቦም ይፍረዱን ናብ ቤት ማሕቡስ ይውሰዱን ኣብኡ ከኣ ብኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ተታሒኦም ይሳቐዩን እዮም። ሰበስልጣን ግብጺ ነቲ ኣብ 2010 ዝወጸ ናይ ግብጺ ሕጊ ንምቅላስ ኣንጻር ንግዲ ሰብ ብምጥሓስ፡ መሰረታዊ መሰላቶም ይግህሱ ኣለዉ። እዚ ሕጊ እዚ እቶም ግዳያት ሓገዝን ዑቕባን ክረኽቡን፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ፍርዲ ድማ ነጻ ክኾኑን ዘፍቅድ ኢዩ ነይሩ።

በንጻሩ፡ እቶም ሰበስልጣን ነቶም ግዳያት ብንስደት ዝምልከቱ ገበናት ይኸስዎምን ህጹጽ ናይ ሕክምና ሓገዛት ንኸይረኽቡ ይኽልክሉን፡ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕላዋይ ኮምሽን ስደተኛታት መሰላት ዑቕባኦም ንኽምዝግብ ይኽልክሉን ኣለዉ። እቶም ሰበስልጣን ግብጺ፡ ብቐጻሊ ነቶም ኣብ ሲና ዝተረኽቡ ኩሎም ኤርትራውያን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት እዮም እንዳበሉ ክኸስዎም ጸኒሖም ኣለዉ። እዚ ድማ ወላ ነቶም ካብ መፋርቕ 2011 ጀሚሮም ብዘይወለንታኦም ናብ ሲና ተጨውዮም ዝመጹ እውን ዘጠቓልል እዩ።

ግብጻውያን ሰበልስልጣን፡ ነቶም ኤርትራውያን ግዳያት ነጻ ዝለቁዎም፡ እቶም ግዳያት እኹል ገንዘብ ረኺቦም ናብ ኢትዮጵያ ክኸዱ ናይ ኣየር ቲኬት ምስ ዝገዝኡ ጥራይ እዩ። ከምኡ እንተገበሩ እውን፡ ተመሊሶም ናብ ዕንኪላሎ እዮም ዝኣትዉ ዘለዉ፤ ማለት ተመሊሶም ናብተን መጀመርያ ተመዝጊቦምለን ዝነበሩ ኣብ ጥቓ ኤርትራ ዝርከባ መዓስከር ስደተኛታት ከምዝኣትዉ እዩ ዝግበር።

ዓለምለኻውያን ሓገዝቲ ግብጺ፡ ወላ ሕቡራት መንግስታት ኣመትሪካን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ከምኡ'ን ኣባላት እዘን ውድባት እዚኤንን፤ ንሰበስልጣን ግብጽን ንሱዳንን ነዞም ነጋዶ ሰብ ሒዘን ክምርምራን ኣብ ፍርዲ ከቕርባን ከምኡ'ውን ነቶም ተሓባበርቶም ዝኾኑ ሓለፍቲ ትካላት ናይ ጸጥታ ክምርምራን መታን ጸቕጢ ክገብራሎም ይግባእ።

"ነቶም ግዳያት ነጋዶ ሰብ ኲይኖም ሲኦላዊ ዝኾነ ስቓይ ኣብ ሲና ዘሕለፉ ሰባት፡ ኦሮማይ ሓገዝ  ደንጉይዎም ኢዩ። እንተኾነ ህዝቢ ዓለም ንኣማኢት ኤርትራውያን ናብ ኢድ ነጋዶ ሰብ ንኸይወድቁ ክከላኸልን፡ ነቲ ዝሓለፈ ገበናት ድማ ከይተመርመረ ክሕለፍ ከምዘይብሉን ከረጋግጽን ክፍትን ይግባእ" ይብል ሲምፕሶን።

ዕሙቕ ዝበለ፡ ነዚ ስቓይን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ናይ ሕጊ ግርጭታትን ኣመልኪቱ ተዓዛቢ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ኤርትራውያን ዘካየዶ ቃለመሕትታት ንምርኣይ ኣብ ታሕቲ ተመልከት፡

**ካብ ነዚ ጸብጻብ እዚ ተባሂሉ ምስ ኤርትራውያን ዝተገብረ ቃለመሕትታት ዝተጸምቄ ምስርክርነት**

"በእዳወይ ኣንጠልጢሎምኒ፡ ኣብ ቀላጽመይ ብምእሳር ቁልቁል ኣፈይ ደፍኡኒ። ኣብ ሑቐይን ርእሰይን ድማ ብናይ ጐማ በትሪ ሃሪሞምኒ። ብናይ ፕላስቲክ ሻምብቆታት ድማ ኣብ ከብዲ እግረይ ሃረሙኒ። ማይ ኣብ ኣቕሳለይ እንዳፍሰሱ ኣብኡ ገረፉኒ። ሓደ ሓደ ግዜ እውን ብኤለትሪክ ኣቃጸሉኒ፣ ብርሱን ሓጺንን ብዝመኽኸ ፕላስቲክን ኣብ ሕቖይን ኣእዳወይን ኣቃጸሉኒ። ኣጻብዕተይ ብመቐስ ክቖርጹኒ ምኺኖም ድማ ኣፈራርሁኒ። ሓደ ሓደ ግዜ ናብቲ ክፍሊ መጺኦም ነተን ደቀንስትዮ ይወስድወን እሞ ኣብ ደገ ምስ ወጻ ከእውያ እሰምዐን ነበርኩ። እንዳበኸያ ድማ ይምለሳ። ኣብቲ ሸሞንተ ኣዋርሕ ዝጸናሕኩሉ ሽዱሽተ ሰባት በዚ ዓይነት ስቓይ እዚ ክሞቱ ከለዉ ብዓይነይ ረኣኹ።"

*– ተዓዛቢ ሰብኣዊ ሰላት ምስ ወዲ 17 ዓመት ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ካብ ዘካየዶ ቃለመጠይቕ፡፡ ንሱ ካብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ነሓሰ 2011 ተጨውዩ፡ ካብኡ ድማ ናብ ሲና ናብ ዝርከቡ ነጋዶ ሰብ ተመሓላሊፉ። ንሳቶም ድማ ስድራቤቱ 13000 ዶላር ክሳብ ዝኸፍሉሉ ንሸሞንተ ወርሒ ኣሳቕዮም።*

"ብሓጺን ሃረሙኒ። ዝነድድ ፕላስቲክ ኣብ ሕቑይ ኣፍሰሱለይ። ከብዲ እግረይ ገሪፎም ንነዊሕ ግዜ፣ ክሳብ ንመዓልታት ዝኣክል፣ በቲ ዝቖሰለ ኣእጋረይ ደው ክብል ኣገደዱኒ። ሓደ ሓደ ግዜ ንኽቐትሉኒ ጠበንጃ ኣብ ርእሰይ ተኺሎም የፈራርሁኒ ነበሩ። ኣብ ቦሎፎን ገዛ ኣሲሮም ኣእጋረይ ኣብ መሬት ከምዘይረግጽ ብምግባር የንጠልጥሉኒን ብኤለትሪክ የቃጽሉኒን ነበሩ። ሓደ ሰብ ካብቲ ናይ ቦሎፎን ሞራለ ኣሲሮም ን24 ሰዓታት ስለዘጽንሕዎ፡ ኣብኡ ሞይቱ። እንዳሞተ ከኣ ረኣናዮ።"

*– ተዓዛቢ ሰብኣዊ ሰላት ምስ ወዲ 23 ዓመት ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ካብ ዘካየዶ ቃለመጠይቕ፡፡ ንሱ ካብ ምብራቕ ሱዳን ካብ ጥቓ ሸገራብ መዓስከር ስደተኛታት ኣብ መጋቢት 2012 ተጨውዩ ናብ ግብጻውያን ነጋዶ ሰብ ኣብ ደቡብ ግብጺ ተረኪቡ። ንሳቶም ድማ ናብ ሲና ወሲዶም ንሽዱሽተ ሳምንቲ ዝኣክል ምስ 24 ካልኦት ደቂ ተባዕትዮን ሸሞንተ ደቀንስትዮን ኣሲሮም ነበሩ።*

"ኣብ ከሰላ [ምብራቕ ሱዳን] ኣተኹ። እቶም ፖሊስ ደው ኣቢሎም ሒዞም ናብ መደበር ፖሊስ ወሰዱኒ። ኣብ ወጻኢ ኣዝማድ ኣለዉኻ'ዶ ኢሎም ሓቲቶምኒ፡ የብለይን ኢለዮም። ንጽባሒቱ፡ እቶም ፖሊስ ነቲ ማዕጾ ምስ ከፈትዎ፡ ክልተ ሰባት ናባይ እንዳጠመቱ ደው ኢሎም ነበሩ። ቁሩብ ዓረብኛ ስለዝኽእል፡ ካብቲ ዝብልዎ ዝነበሩ ቁሩብ ክሰምዕ ከኣልኩ። ሓደ ካብቶም ሰባት ነቲ ፖሊስ፡ "እዚኣቶም ግና ክኸፍሉና ዝኽእሉ ቤተሰብ ኣለዉዎም ድዮም?" ብማለት ሓተቶ። ንሱ ድማ፡ "እወ" በለ። ንጽባሒቱ እቶም ፖሊስ ናብ ሓንቲ ካብቲ እንዳ ፖሊስ ወጻኢ ተዓሺጋ ዝነበረት መኪና ወሰዱና። እቶም ኣቐዲመ ዝረኣኹዎም ክልተ ሰባት ኣብ ውሽጢ እታ መኪና ነበሩ። እቶም ፖሊስ ናብታ መኪና ክድይብ ኣዘዙኒ እሞ፡ በታ መኪና ናብቲ ምድረበዳ ኣቢልና ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ተጓዒዝና።"

*– ተዓዛቢ ሰብኣዊ ሰላት ምስ ወዲ 28 ዓመት ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ካብ ዘካየዶ ቃለመጠይቕ፡፡ ንሱ ብዛዕባ ከመይ ገይሮም ሱዳናውያን ፖሊስ ኣብ ሕዳር 2011 ንነጋዶ ሰብ ከምዘረከብዎ ክገልጽ ከሎ ዝበሎ። ንሱ ናብ ግብጻውያን ነጋዶ ሰብ ሲና ተመሓላሊፉ ኣብኡ ድማ ከቢድ ስቓይ ኣውረዱሉ።*

"ኣብቲ መትረብ ወይ ካናለ ስወዝ ምስበጻሕና፡ እቲ ኣውቲስታ ካብታ ኣውቶሙስ ክንወርድን ኣብቲ ከባቢ 150 ሜትሮ

ኣብቲ ጥቓ ማይ ዝርከብ ገዛ ክንጽበን ነጊሩና። ጽልምት ምስ በለ፣ እታ ጃልባ ድሕሪ ምእታዋ ቁሩብ ጸኒሑም፣ ሰማያዊ ክዳን ዝተኸድኑ ኣባላት ፖሊስ ግብጺ መጺኦምና። እቶም ነጋዶ ን25 ካባና ኣብታ ጃልባ ኣደየቡና። እቶም ፖሊስ ግና ኣብ ከባቢ 50 ሜትሮ ርሕቀት ኰይኖም ይርእዩና ነበሩ። ነቲ ካናለ ከኣ ሰገርናዮ። ኣብቲ ሓደ ገጽ፡ ሰለስተ ወተሃደራት ነበሩ። ሓበጀረዋይ ክዳን ተኸዲኖም፡ ናእሽቱ ጠበናጁ ተሓንጊጦምን ነበሩ። ኣብ ጥቓኦም ከኣ በደዊን ዝመስሉ ሰባት ደው ኢሎም ነበሩ። እቶም ወተሃደራት እንዳረኣዩና፡ እቶም በደዊን ናብተን ሲቪላውያን ፒክኣፕ መካይን ሰቐሉና። ኣብኡ ከኣ በጥ ክንብል ድሕሪ ምእዛዞም፡ ቴንዳ ፕላስቲክ ብምግባር ሸፈኑና።"

*– ተዓዛቢ ሰብኣዊ ሰላት ምስ ወዲ 32 ዓመት ዝኾነ ሱዳናዊ ካብ ዘካየዶ ቃለመጠይቕ፡፡ ንሱ ብዛዕባ ከመይ ገይሮም ግብጻውያን ፖሊስን ሰራዊትን ምስ ነጋዶ ሰብ ኣብ ካናለ ስወዝ ክምዝተሓባበሩ ክገልጽ ከሎ ዝበሎ። ንሱ ኣብ ሚያዝያ 2011 ኣብ ሲና ተታሒዙን ከቢድ ማህሰይቲ ኣውሪዶምሉን።*